ንተቐማጦ ሽወደን ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ



# ብዛዕባ ወጥሪ ወይ ኩናት / ውግእ ምምጻእ



ናይ ወጥሪ ምድላዋት
ኩለንትናዊ ምክልኻል
ናይ መጠንቀቕታ ሲስተም

# ትሕዝቶ ጽሑፍ

## ናይ ወጥሪ ምድላዋት

ናይ ቅልውላው ወይ ወጥሪ ምድላዋትካ .......... 5
ናይ ሓሶት ሓበሬታ .......... 6
ኣብ ፈተነ ግብረሽበራ .......... 7
ንናይ ገዛኻ ምድላዋት ዘገልግል ምኽርታት .......... 10

## ኩለንትናዊ ምክልኻል

ናይ ሽወደን ምክልኻል .......... 8
ናብ ሽወደን ዝቐንዐ መጥቃዕቲ .......... 12
ልዑል ምድላዋት .......... 13

## ናይ መጠንቀቕታ ሲስተም

ንህዝቢ ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ .......... 14
ናይ ምድላዋት ሲረና .......... 16
መዕቆቢ ክፍሊ .......... 17

እዚ መጽሔትዚ ኣብ dinsakerhet.se ብእተፈላለየ ቋንቋታት ዳውንሎድ ኪኽውን ይኽእል

ብዛዕባቱ መጽሔት ዚህሉ ሕቶን መልስን ኣብ dinsäkerhet.se ይርከብ

Swedish Civil Contingencies Agency

MSB ሕብረተሰብ ንሓደጋን ወጥርን ብዚምልከት ብዝበለጸ መገዲ ኪከላኸልን ኪቆጻጸርን ንኪኽእል ዚሰርሕ መንግስታዊ በዓል ስልጣን እዩ ኣብ ግዜ ከቢድ ሓደጋን ወጥርን ነቶም ሓለፍቲ ደገፍ ንህቦም

Swedish Civil Contingencies Agency (MSB)
651 81 ካርልስታድ
www.msb.se

ግራፊካዊ ቅርጽን ፍርያትን: Kreab AB
ስእልታት: Arvid Steen
ማሕተም: Stibo Graphic A/S
ናይ ሕትመት ቍጽሪ: MSB 1218 - maj 2018
ISBN: 978-91-7383-840-5

PEFC/09-31-017

# ንተቐማጦ ሃገር ሽወደን

እዚ መጽሔትዚ ብትእዛዝ መንግስቲ ናብ ኩሉ ናይ ሽወደን ቤተሰብ ይለኣኽ። እቲ ናይ ማሕበረሰብ ምክልኻልን ምድላዋትን (MSB) በዓልስልጣን ናይቲ መጽሔት ትሕዝቶ ሓላፍነት ይወስድ። እቲ መጽሔት ካብ ከቢድ ሓደጋታትን ሓያል ኩነታት ኣየርን ናይ ኮምፕዩተር መጥቃዕትን ወትሃደራዊ ግርጭትን ብዝሓሸ መገዲ ድሉዋት ክንከውን ይሕግዘና።

ብዙሓት ሰባት ኣብ ዘይውሑስ ዓለም ኪነብሩ ኸለዉ ብዙሕ ኪሻቐሉ ይኽእሉ እዮም። ሽሕኳ ሃገር ሽወደን ካብ ዝበዝሓ ካልኦት ሃገራት ዝያዳ ውሕስነት ዘለዋ እንተ ኾነት፡ ንድሕንነትናን ናጽነትናን ኣብ ስግኣት ዘውድቑ ኩነታት ኣለዉ ሰላም፡ ናጽነት ደሞክራሲ ኩሉ ግዜ ክንሕልወንን ከነደልድለንን ዚግበኣና ክብርታት እየን።

በዓልስልጣን፡ ወረዳዊ ቤትምኽሪን ኣውራጃታትን፡ ኮሙናትን፡ ከምኡውን ዋኒናትን ውድባትን ነቲ ሕብረተሰብ ንኺነጥፍ ሓላፍነት ኣለወን። ግን እቲ ንናይ ሃገርና ውሕስነትን ድሕንነትን ዘሎና ሓላፍነት ንኹሉ ኣብዚ ዚነብር ሰብ ሕደ እዩ። እቲ ብሓደ ነገር ክንሰግእ ከሎና ዚህልወና ዝዓበየ ነገር ወይ ሃብቲ፡ ነንሕድሕድና ምትሕግጋዝ እዩ።

ንስኻ ድሉው ምስ እትኸውን፡ ኩላ እታ ሃገር ነቲ ከቢድ ፈተና ንኽትገጥሞን ንኽትስዕሮን ኣበርክቶ ትገብር ኣሎኻ ማለት እዩ፡

**ነቲ መጽሔት ዓቅቦ!**

# መዓልትኻ ምስ ዚድፋእ እንታይ ምገበርካ?

ወጥሪ ምስ ዚኸሰት፡ ሓደ ሕብረተሰብ ከምቲ ልሙድ ኣይነጥፍን እዩ ማለት እዩ። እተለወጠ ኩነታት ኣየር፡ ነቲ ምጥልቕላቕን ናይ ጫካ ባርዕን ዝውቱር ይገብሮ። ኣብ ዓለም ዘጋጥሙ ኩነታት ንገለ ጥረምግቢ ከም ዚሰኣኑ ይገብሩዎም። ኣብ ኣገዳሲ ኢንተርነት ተክኖሎጂ ስርዓት ዘጋጥም ምዝንባል ነቲ ኣቕርቦት ኤለክትሪክ ይጸልዎ እዩ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ጥራይ፡ እቲ መዓልታዊ ናብራ ኣጸጋሚ ኪኸውን ይኽእል እዩ፥

- ምቕት ይጠፍእ
- ምግቢ ንምኽሻንን ምዕቃብን ኣጸጋሚ ይኸውን
- እቲ ኣብ ዱካናት ዘሎ ምግብን ካልእ ኣቕሑትን ይውዳእ
- ማይ ኣብ ቡምባን ኣብ ሽቓቕን ኣይህሉን
- ንዝተወድአ ክትመልእ ኣይከኣልን
- ናይ መኽፈሊ ካርድን ናይ ባንኮማት ካርድን ኣይሰርሕን
- ናይ ሞባይል ነትዎርክን ኢንተርነትን ኣይሰርሕን
- ሓባራዊ ህዝባዊ መጎዓዝያን ካልእ መጎዓዝያታትን ደው ይብል
- ኣፋውስን ናይ ሕክምና ኣቕሑን ምርካብ ኣጸጋሚ ይኸውን

እቲ ናይ ማሕበረሰብ ልሙድ ኣገልግሎትን ሓገዝን ከም ቀደሙ ምስ ዘይሰርሕ፡ ንስኻን ኣብ ከባቢኻን ዘለዉ ሰባት ነቲ ኩነታት ከመይ ገይሮም ኪፈትሕዎ ከም ዚኽእሉ ሕሰቡ





# ናይ ወጥሪ ምድልዋትካ

ኣብ ግዜ ሕብረተሰብኣዊ ወጥርን ቅልውላውን፡ እቲ ናትካ ኮሙን ብተወሳኺ ናይ ኣረጋውያን ክንክንን ናይ ማይ ኣቕርቦትን ናይ ምድሓን ኣገልግሎትን ናይ ቤትትምህርቲ ጉዳይን ከም ዚካየድ ንምግባር ሓላፍነት ይወስድ። ንስኻ እውን ከም ውልቀሰብ ሓላፍነት ኣሎካ። ነቲ ጸገም እንታይ ከም ዘበገሶ ብዘየገድስ፡ እቲ ቅኑዕ ናይ ምድላው ኣገባብ ምስ እትኽተል፡ ነቲ ሽግር ብዝበለጸ መገዲ ክትወጾ ትኽእል።

ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ወጥሪ ምስ ዚኸሰት፡ እቲ ሓገዝ ብቐዳምነት ናብቶም ዝያዳ ሓገዝ ዘድልዮም እዩ ዚቐንዕ። ምእንቲ ሓደ መዓልቲ ሽግር ምስ መጸ ኪፈትሑዎ፡ ዝበዝሑ ሰባት ድሉዋት ኪኾኑ ይግባእ። ኣዚኻ ድሉው ምስ እትኸውን፡ ነቶም ከምቲ ናትካ ኩነታት ዘይብሎም ሰባት ንምሕጋዝ ድማ ዝያዳ ተኽእሎ ይህልወካ።

እቲ ኣዚዩ ኣገዳሲ፡ ማይን ምግብን ሙቐትን ምህላውን፡ ካብ ሰበስልጣንን ካብ መራኸቢ ብዙሃንን ድማ ሓበሬታ ምርካብን እዩ። ነቶም ኣዝማድካ ክትረኽቦም እውን ኣድላዪ እዩ ኣብ ገጽ 10ን 11ን ዝርዝር ናይ ጥረምግብን ካልኦት ኣብ ገዛ ኪህልዉ ዘድልዩ ነገራትን ኣሎ።

ኣብቲ ቀረባ ከባቢኻ እንታይ ዓይነት ስግኣት ከም ዚጸልወካ ሕሰበሉ። ኣብ ጥቓ ብቐሊሉ ዚፈርስ መሬት ወይ ዘጥለቕልቕ ቦታ዗ ዲኻ እትቕመጥ? ንምፍላጡ ጠቓሚ ዝኾነ ሓደገኛ ኢንዱስትሪ ወይ ካልእ ነገር ኣብ ከባቢኻ ኣሎዶ?



# ግጉይ ሓበሬታ ከይትቕበል ተጠንቀቕ

ኣብዚ ግዜዚ ገለ መንግስታትን ውድባትን ነቲ ግምገማናን ኣገባብ ግብረመልስናን ንምጽላው ግጉይ ሓበሬታ የቕርባ እየን። እቲ ዕላማ፡ ነቲ ናትና መኸተን ናይ ምክልኻል ድሌትን ንምቕናስ እዩ።

ኣንጻር ግጉይ ሓበሬታን ናይ ጸላኢ ፕሮፓጋንዳን ንምምካት፡ ንኹሉ ብዓይኒ ጥርጠራን ምርመራን ምርኣይ የድሊ፥

- ሓቂ ድዩ ወይስ ርእይቶ እዩ?
- እቲ ሓበሬታ እንታይ እዩ ዕላማኡ?
- መን እዩ ነቲ ሓበሬታ ዚልእኮ ዘሎ?
- እቲ ምንጪ ሓበሬታ እሙን ዲዩ?
- እቲ ሓበሬታ ኣብ ካልእ ምንጪ ይርከብ ዲዩ?
- እቲ ሓበሬታ ሓድሽ ዲዩ ወይስ ኣገርጊት፡ ስለምንታይከ ሕጂ ዚፍኖ ዘሎ?


> - ሓበሬታ ድኩ – ንፕሮፓጋንዳን ግጉይ ሓበሬታን ብዝበለጸ መገዲ ንምምካት ብዙሕ ሓበሬታታት ኣክብ
> - ወረን በኩካ ኩኽባካን ኣይትእመን – እቲ ሓበሬታ ልክዕ ምዃኑ ንምርግጋጽ ምስ ካልኦት እሙናት ምንጪታት ኣወዳድሮ
> - ነቲ ግጉይ ወረ ኣይትዘርግሓዮ – እቲ ሓበሬታ እሙን ምስ ዘይመስል፡ ደጋጊምካ ኣይትዘርግሓዮ

# ኣብ ግዜ ግብረሽበራዊ ፈተነ

ግብረሽበራ ናብ ውልቀሰባት ወይ ናብ ጉጅለ ከምኡውን ናብ ህዝቢ ወይ ድማ ከም ናይ ኤለክትሪክ ኣቕርቦት ወይ ስርዓት መጎዓዝያ ኪቐንዕ ይኽእል እዩ። ሽሕኳ ግብረሽበራ ብእተፈላለየ መገድን ኣብ እተፈላለየ ቦታን ኪፍጸም ዚኽእል እንተ ኾነ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት ዘገልግል ምኽርታት ድማ ኣሎ፥

- ኣብ ውሑስ ቦታ ኩፍ በል፡ እኩብ ህዝቢ ዘለዎ ቦታ ድማ ኣይትምረጽ
- ገለ ኣገዳሲ እትብሎ ነገራት ምስ እትዕዘብ፡ ቍጽሪ 112 ደዊልካ ንፖሊስ ሓብሮም
- ነቶም ኣብ ጸገም ዘለዉ ኣጠንቅቆም፡ ነቶም ፍቓደኛታት ዝኾኑ ድማ ሓግዞም
- ሞባይልካ ቀስ ከም እትብል ግበራ፡ ናብቲ ኣብ ናይ ሓደጋ ቦታ ዘሎ ሰብ ድማ ኣይትደውል። ሞባይል ጌርካ ሰብ ምጽዋዕ፡ ነቲ ተሓቢኡ ዘሎ ሰብ ከም ዚፍዳሕ ኪገብሮ ይኽእል እዩ
- ኣድላዪ ምስ ዘይከውን፡ ብሞባይል ጌርካ ሰብ ኣይትጸውዕ። እቲ ነትዎርክ ካብ ልክዕ ዝተጻበበ ምስ ዚኸውን፡ እቲ ኣድላዪ ዝኾነ ናይ ሞትን ሕየትን መልእኽቲ ኪሓልፍ ኣይክእልን
- ናይ ፖሊስ፡ ናይ ረድኤት ኣገልግሎትን ሰበስልጣንን ትእዛዛት ሰዓብ
- ኣብ ኢንተርነት ወይ ብኻልእ መገዲ እትረኽቦ ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ ኣይትዘርግሕ







# ናይ ሽወደን ምክልኻል

ናይ ሽወደን ሓባራዊ ምክልኻል፥ ነታ ሃገርን ንነጻነትናን ነቲ ከም ምርጫና ክንነብር ዘሎና መሰልን ይሕልዎን ይዕቅቦን ሃገራ ሽወደን ኣብ ስግኣት ምስ እትወድቕ፥ ኩላትና ዚሰራሕ ዕማም ኣሎና

## ኩለንትናዊ ምክልኻል

ኩለንትናዊ ምክልኻል ኪብሃል ከሎ፥ ንሃገር ሽወደን ንውግእ ድልውትን ንቕሕትን ንኺገብራ ዘድሊ ንጥፈታት እዩ። ኩለንትናዊ ምክልኻል ንወትሃደራዊ ምክልኻልን ንሲቪላዊ ምክልኻልን ይጥርንፍ


### ወትሃደራዊ ምክልኻል

ወትሃደራዊ ምክልኻል፥ ንናይ ምክልኻል ሓይልን ሓለዋ ሃገርን ከምኡውን ካልኦት ቀንዲ ስርሑም ንወትሃደራዊ ምክልኻል ዚድግፉ ትካላትን ይጥርንፍ። ናይ ምክልኻል ሓይሊ ንመሬትናን ንዶባትናን ይከላኸል

### ሲቪላዊ ምክልኻል

ሲቪላዊ ምክልኻል፥ ኣብ እዋናት ሓደጋ ውግእን ኣብ ውግእን፥ ናይቲ ማሕበረሰብ ናይ መኸተ ሓይሊ ይግምግምን የተግብርን ሲቪላዊ ምክልኻል፥ ብመንግስታውያን ትካላትን ኮሙናትን ኣብያተምኽሪ ወረዳታትን ኣውራጃታትን ውልቃውያን ዋኒናትን ግብረሰናይ ማሕበራትን ዚስራሕ ዕማም እዩ። ናይቲ ዕማም ዕላማ ንሲቪላዊ ህዝቢ ንምድሓን እዩ፥ ከምኡውን ኣብ ግዜ ሓደጋ ውግእን ውግእን፥ ሕክምናን መጎዓዝያን ከም ዚሰርሕ ምግባር እዩ። ኣብ ሓደጋ ውግእን ውግእን እቲ ሲቪላዊ ምክልኻል ነቲ ናይ ምክልኻል ሓይሊ እውን ኪድግፎ ኪኽእል ይግባኦ







## ኩለንትናዊ ናይ ምክልኻል ግዴታ

ኣብ ሃገር ሽወደን እቲ ናይ ኩለንትናዊ ግዴታ ምክልኻል ኣብ ስራሕ ይውዕል እዩ። ከምዚ ኪብሃል ከሎ፥ ኩሉ ካብ 16 ክሳዕ 70 ዓመት ዝዕድመኡ ተቐማጢ፥ ኣብ ግዜ ሓደጋ ውግእን ኣብ ግዜ ውግእን ሓገዙ ንኺህብ ኪጽዋዕ እዩ ኩሉ ሰብ ግዴኡ ከበርክት ግዴታ ኣለዎ፥ ኩሉውን ኣድላዪ እዩ።

ስለስተ ዓይነታት ኩለንትናዊ ናይ ምክልኻል ግዴታ ኣለዉ፥

- ወትሃደራዊ ኣገልግሎት (Värnplikt) ኣብ ሰራዊት
- ሲቪላዊ ግዴታ (Civilplikt) ኣብቶም መንግስቲ ዚውስኖም ዕማማት
- ሓፈሻዊ ግዴታ ኣገልግሎት (Allmän tjänsteplikt) ከምዚ ኪብሃል ከሎ፥ እቲ ሰብ ኣብቲ ግዜ ሓደጋ ውግእን ውግእን ኪካየድ ዘለዎ ንጥፈታት እውን ኣገልግሎቱ ይህብ ማለት እዩ። ከምዚ ኪብሃል ከሎ፥ ንስኻ ነቲ ልሙድ ስራሕካ ትቕጽሎ፥ ኣብ ወለንታውያን ውድባት ትሰርሕ ወይ ድማ ብቤትጽሕፈት መራኸቢ ስራሕ （ኣርበትስፎርመድሊንገን） ዚወሃበካን ነቲ ኩለንትናዊ ምክልኻል ኣገዳሲ ዝኾነን ስራሕ ትሰርሕ ማለት እዩ

እቶም ንኩለንትናዊ ምክልኻል ግዱዳት ዝኾኑ ኣብ ናይ ውግእ ቦታ ኪምደቡ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ናይ ውግእ ቦታ ምስ እትምደብ፥ እቲ ናይ ምደባ ትእዛዝ ወይ ካልእ ሓበሬታ ካብቲ ወሃብ ስራሕካ ኢዩ ተዋሂቡካ ማለት እዩ

ኣብ ሃገር ሽወደን ምድላዋት ሓደጋ ውግእን ውግእን ንብዙሕ ዓመታት ኣዚዩ ድሩት እዩ ነይሩ። ብኣንጻሩ፥ ትካላት መንግስትን ኮሙናትን ነቲ ኣብ ግዜ ሰላም ዚኽሰት ንምጥልቕላቕን ንናይ ኢንተርነት መጥቃዕትን ዚምልከት ወጥርታት ንምብዳህ ነቲ ናይ ምድላዋት ኩነታት ከም ዚድልድል ገይሮም እዮም። ይኹንምበር፥ ኣብዛ ቀጻሊ እትልወጥ ዘላ ዓለም፥ እቲ መንግስቲ ነቲ ኩለንትናዊ ምክልኻል ንምድልዳል ወሲኑ እዩ። ስለዚ፥ ኣቲ ናይ ሃገር ሽወደን መደብ ሲቪላዊ ምክልኻል ከም ብሓድሽ ስርሑ ኪጅምር እዩ። ኩሉ ክፋላት ከም ብሓድሽ ከም ዚምዕብል ምግባር ግዜ ኪወስድ እዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ ኸሎ፥ እቲ ኣብ ግዜ ሰላም ዚኽሰት ወጥሪ፥ ነቲ ኣብ ግዜ ውግእ ዚህልወና መኸታዊ ሓይልና ኣገዳሲ መሰረት እዩ።

ነቲ ምዕባሌ
ኣብዚ ተኸተሎ፥
dinsäkerhet.se



ኩለንትናዊ ምክልኻል

# ንዘቤታዊ ምድላዋት ዚምልከት ምኽርታትን ማዕዳን

ቅድመ ጠለብን ድሌትን እተፈላለዩ ይመስሉ፣ ንኣብነት ኣብ ገጠር ወይ ኣብ ከተማ እትነብር እንተ ኾንካ፣ ወይ ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ኣፓርትማ ኣብዚ ንዘቤታዊ ምድልዋትካ ዘገልግሉ ሓፈሻውያን ምኽርታት ይወሃበካ። ንኣኻን ንቀረባ ሰብካን ዚሰማማዕ ተጠቐም። ንገለ ነገራት ንኻልኦት ኣካፍሎም፣ ካብ ነንሓድሕድኩም ድማ ተለቓቕሑ።

## ምግቢ

ኣብ ገዛኻ እኹል ጸዓት ወይ ኤነርጂ ዘለዎ ተወሳኺ ምግብታት ኪህልወካ ኣገዳሲ እዩ። ንነዊሕ ግዜ ዚጸንሕን፣ ቀልጢፋ ኪበስል ዚኽእልን፣ ብዙሕ ማይ ዘይደልን ወይ ድማ ከይከሸንካ ዚብላዕ ምግቢ ተጠቐም

- [ ] ድንሽ፡ ካውሎ፡ ካሮቲ፡ ሽንቃቕሖ
- [ ] ነዊሕ ዚጸንሕ ሕብስቲ፡ ንኣብነት ቅጫ፡ ድሩቕ ባኒ፡ ቢስኮቲ፡ ቅራፍ ባንን
- [ ] ልስሉስ ፎርማጆ፡ ጠስሚን ካልኦ ካብ ትዩብ ጸቒጥካ ዚወጽኦ መግብታትን
- [ ] ኣጃ፡ ሶያ ቢን፡ ሓርጭ ጸባን
- [ ] ዘይቲ ምግቢ፡ ተሪር ፎርማጆ
- [ ] ብቕልጡፍ ዚበስል ፓስታ፡ ሩዝ፡ ኣጃ፡ ናይ ድንሽ ሓሪጭ
- [ ] ኣቐዲሙ ዝበሰለ ብርስን፡ ዓይኒ ዓተር፡ ኣሕምልትን ሽተዓሸገ ጥሕኒያ
- [ ] ንፓስታ ዚኸውን ሽተጣሕነ ኮሚደሮ ወይ ሳልሳ
- [ ] ዕሹግ ጥሑን ስጋ፡ ዓይነታት ሳርዲን፡ ራቬዮሊ፡ ላክስቡላር፡ ክሹን ስጋ፡ ናይ መረቕ ሓሪጭ
- [ ] ፍሩትክረም፡ ዓይነታት ማርመላታ
- [ ] ናይ ብሉበር ወይ ናይ ጎዕበርበረ መረቕ፡ ጽማቑ ወይ ድማ ካልኦ ኣብ መዝሓሊ ምቕማጥ ዘየድልዮ መስተ
- [ ] ቡን፡ ሻሂ፡ ቺኮላታ፡ ሽኮራዊ ዓይነት ዓጋም፡ መዓር፡ ኣልሞንድ፡ ጥረምረ፡ ናይ ጥረምረ ጠስሚ፡ ዘርኢ ፍረታት

## ማይ

ጽሩይ ዝስተ ማይ ንህይወት ኣዚዩ ኣድላዪ እዩ እንተ ወሓደ ንሓደ በጽሒ ሰብ ስለስተ ሊትሮ ንመዓልቲ ዚኸውን ሓዝ ነቲ ኩነታት ማይ ዘይትኣምኖ ምስ እትኸውን፣ ኣፍልሓዮ

እቲ ሽቓቕ ምስራሕ ምስ ዚኣቢ፣ ተሪር ናይ ፕላስቲክ ፈስታል ወይ ከረጺት ኣብቲ ናይ ሽቓቕ ኮፍ መበሊ ኣተኻኽሎ። ተላባዒ ሕማም ከይፍጠር፣ ኣእዳውካ ምሕጻብ ኣገዳሲ እዩ

- [ ] ጠራሙዝ
- [ ] መኽደኒ ዘልዎም ሳንኬሎታት
- [ ] ማይ ዘዝሕል PET-ተርሞስ (ክሳዕ ኣፉ ኣትይምልኣዮ፡ ምስ ዘሓለ ክይስበር)
- [ ] ሚነራላዊ ማይ
- [ ] ማይ ንምምጻእ ዘገልግል መፍሰሲ ቡምባ ዘለዎ ጀሪካን ንመሓለውታ ዚኸውን ክልተ ጀሪካን ጽሩይ ማይ ሽውን ሓዝ ኣብ ጸልማትን ዝሑልን ቦታ ይቀመጡ

ንዘቤታዊ ምድላዋት
ብዚምልከት ብተወሳኺ
ኣብዚ ኣንብብ
**dinsäkerhet.se**

## ምቕት/ዋዒ

ኣብ ግዜ ቆራሪ ወርሓት እቲ ኤለክትሪሲቲ ምስ ዚጠፍእ፣ እቲ ገዛ ቀልጢፉ ኪዝሕል እዩ። ኣብ ሓደ ክፍሊ ተኣከብ፣ ኣብቲ መሳኹቲ ኮቦርታታት ስቐል፣ ነቲ ባይታ ብምንጻፋት ክደና ከምኡውን ኣብ ትሕቲ ጣውላ ብምእታው ክትመውቕ ፈትን። ንሓደጋ ባርዕ ሕሰበሉ ቅድሚ ምድቃስካ ንኹሉ መብራህቲ ከምኡውን መሞቒ መሳርሒታት ኣጥፍኣዮ ነቲ ገዛ ኩሉ ግዜ ኣየር ከም ዚኣትዎ ግበር

- [ ] ናይ ጸምሪ ኣጫርቕ
- [ ] ዘምውቕን ሓርፋፍን ብላዕሊ ዚልበሱ ክዳውንቲ
- [ ] ቆቡዓት፡ ጓንትታት፡ ሻርባታት
- [ ] ኮቦርታታት
- [ ] ተነጻፍቲ
- [ ] ስሊፒንግ ባግ
- [ ] ሽምዓታት
- [ ] ሙቐት ዚህብ ብርሃን
- [ ] ክርቢት ወይ መናኽሲ ሓዊ
- [ ] ኣማራጺ ምንጪ ሙቐት፡ ንኣብነት ብጋዝ ዘውዒ መሳርሒ፡ ብፎቶጀን ዚሰርሕ መሞቒ

## ርክባት

ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ምስ ዚፍጠር ካብቶም መንግስታውያን ትካላት ኣገዳሲ ሓበሬታ ተቐበል፣ ነዚ ድማ ብዝበለጸ መገዲ ስቨርየ ራድዮ P4 ብምክትታል ግበሮ ነቲ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ሪፖርት ክትክተሎ እውን ይግበኣካ እዩ። ምስ ኣዝማድካን ብጾትካን እውን ተራኸብ፣ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ድማ ነቶም ናይ ድሕነት ኣገልግሎት፣ ንማእከላት ሕክምና ወይ ንፖሊስ ተወከሶም

- [ ] ብባተሪ፡ ብሶላር ወይ ብኢድ ዚዝወር መጋበርያ ዚሰርሕ ራድዮ
- [ ] ናይ ማኪና ራድዮ
- [ ] ኣገደስቲ ዝርዝር ቍጽሪ ተለፎን ዝሓዘ ወረቐት
- [ ] ንሞባይል ዘገልግል ትርፊ ባተሪ/ምንጪ ጸዓት
- [ ] ኣብ ማኪና ዘገልግል ናይ ሞባይል ቻርጀር

## ካልእ ነገራት

- [ ] ብኣልኮል ዚሰርሕ መኽሸንን ነዳድን
- [ ] ላምባዲናን ናይ ጁባ ላምባዲናን
- [ ] ባተርያታት
- [ ] ሽሩፍ ገንዘብ ብሰናቲም
- [ ] ናይ ገዛ ፋርማሲን ተወሳኺ ኣፋውስን
- [ ] መጸራረጊ ኣጫርቕ
- [ ] ናይ ኢድ መጽረዪ ኣልኮል
- [ ] ፓምፐርን ሞደሳትን
- [ ] ናይ ኢንሹራንስን ናይ ባንክን ናይ ምዝገባን ሰነዳት
- [ ] ናይ ማኪና ነዳዲ ኣብ ቦታኡ



# ሃገር ሽወደን ምስ እትጥቃዕ፥ መኸተ ኣድላዪ እዩ

ነቲ ናብ ሃገርና ዚቐንዕ እተፈላለየ መጥቃዕቲ ንምብዳህ ወይ ንምምካት ክንክእል ኣሎና። ናብ ኣገዳሲ ናይ ኢንተርነት ሲስተም ዝቐንዐ መጥቃዕቲ ዛጊት ጀሚሩ ኣሎ፥ ከምኡውን ብግጉይ ሓበሬታ ከደናግሩና ፈተነ ይግበር ኣሎ። በቲ ኣብ ከባቢና ዚካየድ ግርጭታት እውን ክንጽሎ ንኽእል ኢና። ከምዚ ዚስዕብ ናይ መጥቃዕቲ ተኽእሎታት ኣሎ፥

- ነቲ ኣገዳሲ ስርዓት ኢንተርነት ዘጥቅዕ ሳይበር ኣታክ
- ምብልሻው ትሕተቅርጺ (ንኣብነት፥ መገድታት፥ ቢንቶታት፥ መዓርፎ ነፈርቲ፥ መገዲ ባቡር፥ ናይ ኤለክትሪሲቲ ገመዳት ከምኡውን መመንጨዊ ኑክለሳዊ ጸዓት)
- ንብዙሓት ሰባት ወይ ንኣገደስቲ ትካላት ዘጥቅዕ ናይ ግብረሽበራ ፈተነ
- ነቶም ናይ ሃገር ሽወደን ናይ ሃገር ጉዳይ ወሰንትን ተቐማጦን ንምጽላው ምፍታን
- ነቲ መስመራት መጎዓዝያ ብምብታኽ፥ ምግብን ካልእ ኣቕሑን ከም ዚሰኣን ምግባር
- ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ፥ ንኣብነት ናይ ነፈርቲ መጥቃዕቲ፥ ናይ ሮቦት መጥቃዕቲ ወይ ካልእ ናይ ውግእ ተግባራት

ሃገር ሽወደን ብኻልኦ ሃገር ምስ እትጥቃዕ፥ ኢድና ኣይንህብን ኢና። መኸተ ከቋርጽ እዩ ዚብል ወረ ወይ ሓበሬታ፥ ሓሶት እዩ



# ልዑል ምድላዋት

ነቲ ናይ ሃገር ሽወደን ናይ ርእሰ-ተኸላኻልነት ተኽእሎ ንምድልዳል፥ እቲ መንግስቲ ናይ ልዑል ምድላዋት ውሳኔ ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ። እቶም ናይ ግዜ ሰላም ሕግታት ከም ቀደሞም ይቕጽሉ፥ ግን ኣብቲ ልዑል ምድላዋት ዚግበረሉ እዋን ካልኦት ሕግታት እውን ይውሰኹ እዮም። እቲ መንግስቲ ነቲ ንኣብነት ብፍላይ ንኩለንትናዊ ምክልኻል ኣድላዪ ዝኾነ ናይ ብሕቲ ንብረት ኪወስዶ ይኽእል እዩ

ኣብ ግዜ ልዑል ምድላዋት፥ እቲ ማሕበረሰብ ነቲ ኣጥቃዒ ንምምካትን፥ እቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገራት ከም ዚሰርሕ ንምግባርን ንምርግጋጽን ኩሉ ሓይሉ ወይ ዓቕሙ ኪጥቀም እዩ። ኣብቲ ልዑል ምድላዋት ዚካየደሉ እዋን፥ ብእተፈላለዩ ኣገባባት ሓገዝካ ንምብርካት ክትጽዋዕ ኢኻ

ብመገዲ ራድዮን ቲቪን፥ ንልዑል ምድላዋት ዚምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ናይ ሃገር ሽወደን ራድዮ P4፥ ናይ ምድላዋት ቻነል እዩ





### ናብ ህዝቢ ዝቐንዐ ኣገዳሲ መልእኽቲ

ምልክታት ወይ ሲግናል 7 ካልኢታት - ን14 ካልኢታት ደው ይብል

| 7 | 14 | 7 | 14 | 7 | 14 |
|---|---|---|---|---|---|

### ሓደጋ ሓሊፉ

ዘየቋርጽ ምልከት ን30 ካልኢት

| 30 |
|---|

# ናይ መጠንቀቕታ ሲስተም

## ናብ ህዝቢ ዝቐንዐ ኣገዳሲ መልእኽቲ

መጠንቀቕታን-ስርዓት ሓበሬታን VMA (ኣገዳሲ ሓበሬታ ንህዝቢ) ኣብ ግዜ ቀውሲ ወይ ወጥሪ ይዝውተር - ንኣብነት ኣብ ግዜ ምብታን ሓደገኛ ነገራት፣ ኪነትጉ ዚኽእል ባርዕ፣ ናይ ጫካ ባርዕን ካልኦት ተፈጥሮኣውያን ሓደጋታትን

ናብ ህዝቢ ዝቐንዐ ኣገዳሲ ሓበሬታ፣ ብፍላይ ካብ ናይ ሃገር ሽወደን ራድዮን ተለቪዥንን ቻነላት ከምኡውን ብ SVT Text ይለኣኽ VMA ከም SMS ኮይኑ እውን ኣብ ውሽጢ እተወሰነ ከባቢ ናብ ሞባይል ኪለኣኽ ይኽእል እዩ



## ካብ ገዛ ወጻኢ ዚቃላሕ መጠንቀቕታ

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፣ ናይ ደገ መጠንቀቕታ ("Hesa Fredrik") ይዝውተር እዩ። ናይ ደገ መጠንቀቕታ መሳርሒታት፣ ኣብ ዓበይቲ ከተማታትን ከምኡውን ኣብ ጥቓ ናይ ሃገር ሽወደን ኑክለሳዊ መመንጨዊ ጽዓት ይርከብ

ናይ መጠንቀቕታ ምልክት ምስ እትሰምዕ፣ ናብ ገዛ እቶ፣ መሳኹትን ማዓጹን ቨንቲለሽንን ዕጾ፣ ነቲ ማሕበረሰብኣዊ ሓበሬታ ንምዛብ ሓላፍነት ዘለዎ ስቨርየ ራድዮ P4 ድማ ስምዓዮ

እቲ ናይ ደገ መጠንቀቕታ ሲስተም ኣብ መጋቢት፣ ሰነ፣ መስከረምን ታሕሳስን ኣብተን ቀዳሞት ሰኑያት ሰዓት 15:00 ኪፍተን እዩ



## ናይ ምድላው መጠንቀቕታ ኣላርም

ምልክት ን30 ካልኢታት - ን15 ካልኢት ደው ይብል

30 15 30 15 30 15

## ናይ ነፈርቲ መጥቃዕቲ መጠንቀቕታ

ትሕቲ ሓደ ደቒቕ ዚቃላሕ ብሓሓጸርቲ ድምጽታት ዚደጋገም ምልክት

## ሓደጋ ሓሊፉ

ዘየቋርጽ ምልከት ን30 ካልኢት

30



# ናይ ምድላዋት መጠንቀቕታ ኣላርም። ናይ ነፈርቲ መጥቃዕቲ መጠንቀቒ

ናይ ምድላዋት መጠንቀቕታ ኣላርም እቲ መንግስቲ ናይ ውግእ ሓደጋ ከም ዘሎ ወይ ከኣ እታ ሃገር ኣብ ኩነታት ውግእ ከም ዘላ ንምሕባር ዚጥቀመሉ ሓደ ኣገባብ እዩ

ነቲ መጠንቀቕታ ምስ ሰማዕካ፡ ብቕልጡፍ ናብ ገዛ እቶ፡ ነቲ ሓበሬታ ናይ ሸወደን ራድዮ P4 ድማ ስምዓዮ ኣዚዩ ኣድላዪ ነገራት፡ ዘማሙቕ ክዳን፡ ገለ ዝስተን ዝብላዕን ነገራት ከምኡውን ሰነዳት መንነትን ሒዝካ ካብ ገዛ ንምውጻእ ተዳሎ ኣብ ናይ ውግእ ቦታ እተመደብካ ምስ እትኸውን፡ ብቕልጡፍ ናብቲ እተሓበርካሉ ቦታ ክትከይድ ኢኻ

ናይ ነፈርቲ መጥቃዕቲ መጠንቀቒ ኪብሃል ከሎ ብቕልጡፍ መዕቆቢ ክትረክብ ኢኻ ማለት እዩ፡ ንኣብነት መዕቆቢ ክፍሊ ወይ ድማ ኣብቲ ዘለኻዮ ህንጻ ዚርከብ በይዝመንት ወይ ትሕተ - ባይታ

ንህዝቢ ንምጥንቃቕ ዚካየድ ሓድሽ ኣገባብ ጠቓሚ እዩ


ሓድሽ ሓበሬታ ንምርካብ ኩሉ ግዜ ኣብዚ ፈትን
**dinsäkerhet.se**

# ናይ መዕቆቢ ክፍልን ካልእ ናይ መዕቆቢ ቦታታትን




መዕቆቢ ክፍሊ ንህዝቢ ኣብ ግዜ ውግእ ዑቕባ ይህብ ኩሉ መዕቆቢ ክፍልን፡ መዕቆቢ ዘለዎ ህንጻን ምልክት / ታበላ ተገይሩሉ ኣሎ። ፍሉይ ዝኾነ ንኣኻ እተዋህበ መዕቆቢ ክፍሊ የብልካን፡ ግን ነቲ ኣብ ጥቓኻ ዚርከብ መዕቆቢ ተጠቐመሉ

ኣብቲ እትቕመጠሉ ቦታ ወይ ኣብቲ መዓልታዊ እትርከበሉ ከባቢ፡ እቲ ዝቐረበ መዕቆቢ ክፍሊ ኣበይ ከም ዚርከብ ክትፈልጥ ፈትን። ኣብቲ ንመጥቃዕቲ ነፈርቲ ዚምልከት መጠንቀቕታ ዚወሃበሉ ግዜ፡ ናብ መዕቆቢ ክፍሊ ኪድ ወይ ድማ ኣድላዪ ምስ ዚኸውን ናብ ከም ትሕቲ ምድሪ (በይዝመንት)፡ ጋለርያ ወይ ቱነልባና እቶ



ናይ መጠንቀቕታ ሲስተም


# ተምሃር/ሰልጥን!

ህጹጽ ሓገዝ ንምሃብ ተምሃር ፍልጠትካ ህይወት ከድሕን ይኽእል እዩ። ኣብ ግዜ ሓደጋ ወይ ካልእ ሓደገኛ ፍጻመ ብቐዳምነት ምስ እትርከብ በቲ ናይ ህጹጽ ረድኤት ቍጽሪ 112 ናብ SOS Alarm ደውል ወላውን እታ ሞባይልካ ገንዘብ ኣይሃሉዋ ወይውን SIM ካርድ ዘይብላ ትኹን፥ 112 ኩሉ ግዜ ይሰርሕ እዩ። SOS Alarm ኣብ ናይ ሓደጋ ቦታ ከመይ ክትገብር ከም ዘሎካ ምኽሪ ኪህበካ ይኽእል እዩ

# ተሳተፍ!

ብዙሓት መኸሰብ - ኣልቦ ውድባትን ናይ እምነት ማሕበራትን ንሓባራዊ ድሕንነትናን ምድልዋትናን ኣገዳሲ ኣበርክቶ ይገብሩ እየን ወለንታውያን ናይ ምክልኻል ውድባት ኣብቲ ናይ ኩለንትናዊ ምክልኻል ፍሉይ ዕማም ኣለወን፥ ኮርሳትን ስልጠናን ድማ ይህባ እየን ኣብቲ ልዑል ምዳልዋት ዘድልዮ ወጥሪ፥ ነቲ ኣድላዪ ሓበሬታ ናብ ተቐማጦ ይዝርግሑዎ

ንስኻ ተድሊ ኢኻ፥ ኣስተዋጽኦኻ ድማ ፍልልይ ይገብር እዩ!




ብተወሳኺ
ኣብዚ ኣንብብ
**dinsäkerhet.se**



# ኣገዳሲ መተሓሳሰቢ

**ኣገደስቲ ቍጽርታት ተለፎንን ኣድራሻን ከምኡውን ኣብ ቀረባ ዚርከብ መዕቆቢ ክፍሊ (skyddsrum) ወይ ካልእ ንዑቕባ ዘገልግል ቦታ (skyddande utrymme) ጸሓፍ**

ኣዚ መጽሔትዚ፥ ካብ ከቢድ ሓደጋን ሕማቕ ኩነታት ኣየርን ናይ ኢንተርነት መጥቃዕትን ጀሚርካ ክሳዕ ወትሃደራዊ ግጭት ብዝበለጸ መገዲ ድሉዋት ንኽንከውን ይሕግዘና። ብዛዕባ ትሕዝቶኡ ምስተዎም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ተዛራረብ

# ኣገስቲ ቑጽርታት ተለፎንን መርበብ ሓበሬታን/ወብሳይትን

## 112

ናይ ኣምቡላንስን መጥፋእቲ ሓዊ ወይ ናይ ፖሊስ ሓገዝ ዘድልዮ ጽንኩር ኩነታት

## 113 13

ኣብ ግዜ ከቢድ ሓደጋ ወይ ቀውጢ፥ ሓበሬታ ንምሃብን ንምርካብን

## 114 14

ንዚካየድ ዘሎ ግብረ ገበን ወይ ፍጻመታት ዘይምልከት ናይ ፖሊስ ጉዳያት

## 1177

ንክንክን ጥዕና ዚምልከት ምኽሪ

## Dinsäkerhet.se

ነቲ ኣብቲ መጽሔት ዚርከብ ትሕዝቶ ዚምልከት ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ

## Krisinformation.se

ኣብ ግዜ ቀውጢ ዚዝውተር ካብ ሽወደናዊ መንግስታውያን ትካላት ዚርከብ እኹብ ሓበሬታ